# <u>ኤርትራዊ ምሁር ኣለኻዶ ደሃይካ ጠፊኡና!</u>

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነታት፡ እንኮላይ ሃገርናን ንዞባናን ሓዊስካ ንኹለን ዘይማዕበላ ሃገራት ዝትንክፍ ሓድሽ ውድዕነት ይቀላቐል ኣሎ። ንብዙሓት ዞባዊ ምትእስሳራትን ሃገራትን ዘሻቕል ዓለማዊ ዛዕባ ኮይኑ ድማ ይርከብ። እዚ ብተደጋጋሚ ንሰምዖ ዘለና ዜና'ዩ። ብፍላይ፡ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ምስ ምውጻኣ፡ ሓድሽ ፕረሲደንት ኣመሪካ ኣብ ስልጣን ምምጻኡን ተተሓሒዙ፣ ኣብ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኔዘርላድን፡ ጣልያን ተመሳሳሊ እምነታት ዘለዎም ናይ የማን ሓይልታት፡ ነቲ ዋሕዚ ስደተኛታትን ኣብ ኤውሮጳ ዝፍጸም ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕትን መዝሚዞም፡ ጸቢብ ሃገራዊ ረብሓታቶም ንምርግጋጽ ዓሊሞም ዝኸድዎ ዘለው፡ ኣብ ዓለማዊ ኩነታትና ሓድሽ ኣሰላልፋ ናይ ሓይልታት ይቀላቐል ምህላው ዘመላኽት'ዩ። እዚኦም ነቲ ዝሓዝዎ እምነት ኣብ ካልኦት ህዝብታትን ሃገራትን መታን ክሰርጽ፡ ብሰፊሑ ክወፍርሉን ክጉስጉስሉን ምኻኖም ብወግዒ ደጋጊሞም ዝገልጽዎ ዘለው'ዩ።

እዚ ሓድሽ ተርእዮ'ዚ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት፡ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ብወሳኒ መልክዑ፡ ብልዕልነት ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ተመሪሑ፡ ካልኦት ድማ በብደረጃኦን እናሓየላ ኣብ ዝመጻኣሉ ዘለዋን ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ዝኽሰት ዘሎ ብምዃኑ፡ ነቲ ዝነበረ ዝዓጽፍ ወድዕነት ድዩ ዝቀላቐል ዘሎ ወይስ ታሪኽ ነብሱ'ዩ ዝደግም ዘሎ ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ግድን ይገብሮ። ካብ'ዚ ተበጊሶም ብዙሓት ምሁራን መጻኢ ዕድል ሃገራቶምን ዓለምን ኣመልኪቶም እዚ ጉዕዞ'ዚ ኣንፈቱ ናበይ ይምዕብል ኣሎ ክርእዩ፡ ምሁራዊ ፖለቲካዊ ሚዛኖም ከንብሩን ዝመራመሩ ዘለው ውሑዳት ኣይኮኑን። ብሸነኽይ ነዚ ኩነታት'ዚ ምስተዓዘብኩ'የ ድማ፡ ኣብ ሃገርና ዋላ'ኳ ብዙሓት እንተዘይኮይኑ ኣብ መስርሕ ጸረ-ባዕዳዊ ቃልስን ዘቤታዊ መግዛእታዊ ስርዓትን ገለ ምሁራን ሓሓሊፎም ብዛዕባ ኩነታት ሃገርና ዘቕርብዎ ዝነበሩ ጠቓሚ ኣስተምህሮ፡ ቃልስና ኣብ ምብርባርን ኣገንዝቦና ኣብ ምስፋሕን ዝነበሮ ኣወንታዊ ተራ ብምዝካር፡ ሎሚ'ሽ ኣብ'ዚ ተሃዋሲ ሃገራውን ዓለማውን ኩነታትን'ከ ዝብል ሕቶ ከልዕል ዝደረኸኒ። ብርግጽ እቲ ዝበዝሐ ምሁር ኣብ'ዚ ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ናይ ምቕጻልን ዘይምቕጻል ዝውስን መድረኽ፡ ምስ'ቲ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ወጊኑ ኣብ ዘዝኣጎዶ ሓዊ፡ ከጣቕዕ ጸሓይ ይዓርቦ ምህላው ፍሉጥ'ዩ። ህዝባዊ ወገናውነት ዝስመዮም፡ ነገራት ኣርሒቖም ዝሪኡን ዝትንትኑን ግደን ተራ ደሞክራስያዊ ምሁር ዝግንዘቡን ምሁራትን ግን ዋላ ብቑጽሮም ብዙሓት ኣይኹኑ ህልዋት ብምኻኖም ተስፋ ኣብኣቶም'ዩ።

ስለዚ ኣብ'ዚ ሕጂ ብዓለም፡ ዞባን ሃገርን ደረጃ ዝምዕብል ዘሎ ሓድሽ ኩነታት፡ ምሁራትና እንታይ ኮይኖም'ዮም ገለ ዘይብሉ ካብ ዝብል ተበጊሰ'የ "ኤርትራዊ ምሁር ኣለኻ'ዶ ደሃይካ ጠፊኡ" ዘበልኒ። ብናተይ ግምት እዚ ሕጂ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት፡ ዝሑል ኲናት ኣብ ድሮ ዝዛዘመሉ ዝነበረ ግዝያት፡ ድሕሪ 80ታት'ዩ እቲ ኩነታት ናብ ሓድሽ መድረኽ ክሰጋገር ምኻኑ እናተኣማመኑ ምስከዱ፡ ልዕሊ ሓያል ሃገር ኣመሪካ ብመሪሕነት ሮናልድ ረገን፣ ዓባይ ብሪታኒያ ብመሪሕነት ማርጋሬት ታቸር፣ እቲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ልዕሊ ሓያል ዓለማዊ ምሕደራ ዝካየድ፡ ልዕልና ናይ ኒዮ ሊበራሊዝም ከስፉሕፍሕ ዓለም ኣብ ሓደ ቁሸት ናይ ጉሎባላይዜሽን ኣትያትሉ ኣብ ዘላ፡ ክፉት ናይ ንግዲ ልውውጥ ክዓቢ ክግበር፡ ንሶም ከኣ ብልዕልናኦም ንዓለማዊ ንግዳዊ ኩነታት ዝቆጻጸርሉ ዝሓሸ ዕድል ተረኺቡ ኣሎ ብምባል'ዮም ዘተባብዕዎ።

እዞም ናይ ሕጂ መራሕቲ ልዕለ ሓያላን ሃገራት ኣመሪካን እንግሊዝን ከኣ፡ ነናይ ውልቀ ሃገርና ልዕለ ሓያል ዝገብር ኣካይዳ ምኽታል'ምበር፡ ምስ ካልኦት ተኣሳሲርና እንገብሮ ናይ ንግዲ ይኹን ናይ ፖለቲካ ኣየዋጽኣናን ንቑጠባናን ጸጥታናን ዘዳኽም'ዩ ኢሎም ኣብ ዝረኣይሉ፡ ንዋሕዚ ስደተኛታት ይኹን፡ ናይ ንግዲ ሽርክነታት ..ወዘተ ዝኣመሰሉ ጉዳያት እናልዓሉ፡ ኣየገልግለናን'ዩ ዝብልዎ ውዑላት ዝስርዙ ዘለው። ስለዚ ከኣ ካብ'ቲ ክፉት ንግዳዊ ኣካይዳ ኣብ ሓውሲ ሕጹር ወይ ዕጹው ክኸውን ዝርእይሉ ኩነታት'ዩ ዝምዕብል ዘሎ።

እዚ ብዓለም ደረጃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣመሪካን ኤውሮጳን ብተመሳሳሊ ዝረአ ዘሎ ምንቅስቓስ ናይ የማን ሰልፍታትን ጭርሖታቶምን ልዕልናኦም እናረጋገጹ እንተደኣከይዱም፡ ሕብረት ኤውሮጳ ምድኻሙን ምብትታኑን ኣይተርፍን። እዚ ከኣ ተመሊሱ ኣብ ዓለማዊ ኩነታት ናቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕድር'ዩ ዝኸውን።

*ከም ሃገርና ዝኣመሰላ ዘይማዕበላ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣፍሪቃ ከም ኣህጉር ኣብ ሕሉፍ ናይ ፍርቂ ዘመን ግዜ ከም ናይ ጥሜትን ኲናት ኣህጉር ትውሰድ ዝነበረት። ስለዚ ከኣ ወፍሪ ከይካየደላ ተገሊላ'ያ ጸኒሓ። ካብ'ዚ ቀረባ ግዜ ግን ሓንቲ ካብ'ተን ዓላማዊ ትኹረት ዝረኸባ ኣህጉራት ኮይና፡ ብዙሕ ናይ ወፍሪ ዕድላት ዝፈሰላ፡ እናኾነት ትመጽእ ምህላዋ ርእሰ ግሉጽ ሓቂ'ዩ።*

*እዚ ኣብ ዓለማዊ ኩነታት ዝረአ ዘሎ ሓድሽ ተርእዮ፡ ነዚ ኣብ ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ዕድላት ብኸመይ ክጸልዎ'ዩ ንቕድሚት ዝረአ'ዩ። ሃገርና እዚ ንኣፍሪቃ ኣጋጢምዋ ዘሎ ዕድልን እዚ ናይ ዓለማዊ ኩነታት ጽልዋን ኣብ ትሕቲ ጸረ-ሰላምን ጸረ-ደሞክራስን ጻሕታሪ ኲናት ስርዓት ህግደፍ ከመይ ክጸልዋ'ዩ ዝብል ሕቶ ከለዓልን፡ ከምተን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሐሸ ወፍሪ ናይ ምርካብ ዕድላት ዘይብላ ትኹን ደኣምበር፡ ብዝተወሰነ ደረጃ፡ እቶም ተነሓናሕቲ ልዕለ ሓያልን ሃገራት ኣብ ናይ ዝሑል ኲናት መድረኽ ይምለሱ ስለዘለው፡ ካብ'ቲ ኣብ ነንሕድሕዶም ዘለዎም ውድድር ተበጊሶም፡ ውልቃዊ ረብሓታቶም ከሐይሉ ክብሉ ገለ ገለ ወፍሪታት ኣይገብሩን'ዮም ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ።*

*ካብ'ዚ ውድድራት'ዚ ተበጊሶም ገለ ናይ ወፍሪ ውጥናት ገይሮም እንተተንቀሳቐሱን ገለ ኣታዊታት እንተረኸቡን እዚ ውጽኢት'ዚ ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍ፡ መህጠሪ ጁባኡ እንተዘይኮይኑ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ክውዕል'ዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ስለዚ ኤርትራዊ ምሁር ኣብ'ዚ ብዓለምን ብዞባን ብሃገርን ዝምዕብሉ ዘለዉ ሓደሽቲ ተርእዮታት ኣመልኪቱ መጽናዕቲ ብምግባር ገለ እንተዝብል ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ ነይሩ እብል።*

*ሓርነት የማነ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ*

*ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደግሓኤ መጋቢት* 2017 *ቁ* 16 *ዝተወስደ።*
*ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ* 19-04-2017